# ምስጢር ዓወት ኤርትራ፥ ውዳቤ ውፍይነት ጽንዓት! !

ፈስቲቫል ኤርትራውያን ኣብ ስካንዲነቭያ ስቶኮልም፡ ሓሙስ 2 ነሓሰ ብኣዝዩ ዉዕዉዕ ሃገራዊ ፍቕርን ሕውነታዊ መንፈስን ጀሚሩ፥ ካብ ሰዓት ንሰዓት ሙቐቱ እናወሰኸ ኪካየድ ቀንዩ፤ ትማሊ ሰንበት 5 ነሓሰ፡ ንኹሉ ሃገራዊ ብዘዕግብ ልዑል ሓበንን ብናይ እንቋዕ ኣሐጐሰና ምትሕቝቛፍን ብዓወት ተዛዚሙ። ተኻፋሊ ናይቲ ፈስቲቫል ምንባረይ ዕድለኛ ምኳነይ ብምግላጽ ከኣ፥ እነሆ ጦብላሕታይ እገልጽ። ብዛዕባ'ዚ ኤርትራውነት ዘንጸባርቐ ፈስቲቫል ዝኾነት ቃል ቅድሚ ምውጻእካ ነእምሮኻ ዘውጥሮ፤ ኣብዛ ብንዓይ ይጥዓመኒ እትበላሳዕ ወያል ዓለም ብኸመይ ተኣምር **<u>ክንደዚ ዚኣክል ሃገራዊ ፍቕርን ኒሕን</u>** ኪትግበር ተኻኢሉ? ዝብል ሕቶ'ዩ። ኣዕሚቕካ እንተሓሲብካ ግን፤ እቲ ምስጢር ዓወት ኤርትራውያን **<u>ውዳቤ፥ ውፉይነት፥ ጥምረት፥ ፍቕርን ጽንዓትን...</u>** ምኳኑ ይስወጠካ'ሞ ትሕበን።



ኣብዚ ካብ ብዙሓት ከተማታት ሽወደን፡ ኤርትራ፥ ደንማርክ፡ ኖርወይ፡ ጀርመን፡ ካናዳ፡ ኣመሪካ፡ ወዘተ.. ዝመጹ ኤርትራውያንን መሓዙት ኤርትራን ዝተሳተፉዎ ዕዉት ፈስቲቫል፤ ብዕድመ ካብ ዝነኣሱ ህጻናት ክሳብ ኣረጋውያን ሽማግለታት፥ ብትምህርቲ ካብ ደቂ መዋእለ ህጻናት ክሳብ ዓበይቲ ምሁራትን ፕሮፈሰራትን፥ ብስነጥበብ ካብ ጀመርቲ ተወዳደርቲ ሸንግርዋ ክሳብ'ቶም ህቡባት ደያኑ ናይቲ መደብ፥ ከምኡ'ውን ኣዝዮም ህቡባት ደረፍትን ተዋሳእትን ሰኣልትን ቀባእትን፤

***መዘናጋዕቲ ከም ተኸለ ክላውንን ወዘተ.. ተኻፊሎም ነቲ ፈስቲቫል <u>"ዘኢ ትነገር!"</u> ኢልካ ብዚግለጽ መስተንክራዊ ብቕዓት ንሓፋሽ ዘዕግብ ስራሓት ኣቕሪቦም። ወዮ ዘይከኣል ኰይኑ'ምበር፡ እቲ ህዝብስ ንሰሙን እንተዚቕጽል'ውን ኣምበይምጸለን። ብግምተይ ንልዕሊ 12 ሽሕ ዚኣክል ተሳታፊ፡ መግቢ መስተን ኵሉ ዘድሊ ካልእ ጠለባትን ብግቡእ ኣማሊእካ ከተዕግብ፥ ነተን ብቕጠባ ዝማዕበላ ሃገራት ከይተረፈ ኣዝዩ በዳሂ ምዃኑ እሓስብ'ሞ፤ ኤርትራውያን ምስቲ ውሱን ቍጠባዊ ዓቕሞም፡ ብዘይ ዝኾነ ጸገም ብኸመይ ከተግብሩዎ ከምዝኸኣሉ እናሓሰብኩ እግረም። ልዕሊ ኹሉ ድማ፡ ነቲ ፈስቲቫል ንምፍሻል ኪናፈስ ዝቐነየ ባዶ ታህዲዳት ኣብ ግምት ኣእቲኻ፤ ጕዳይ ጸጥታ ብኸመይ ኪተሓዝ'ዩ ክትብል ግድነት'ዩ ዝኾነካ። እንተኾነ እቶም በላሕትን ኣርሒቖም ዝርእዩን መንእሰያት፡ ነቲ ብድሆ ብግቡእ ስለዝተዓጠቑሉ፥ <u>እቶም ኣብ መኣዲ ትኳቦ ለመንቲ ጭንን ዝብሉ ጓሓፋት፡</u> ዝፈተኑዎ ሸርሒ ብኣግኡ'ዩ ማይ ዓሚኹ ፈሺሉ። እቲ ዘሕዝን ከኣ፡ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ዕሱብነት ወሪዶም፡ ናብ ቍሸት ሓንቲ ልቢ ንዘምርሑ ህጻናት ከፈራርሑ፥ ነተን ወለድቲ ጀጋኑ ኣዴታት፡ ክትደግሞ ብዘሰክፍ ነውራም ጸርፍታት ከዋርዱን፥ ስም ወልቀሰባት እናጸውዑ ኪጻረፉን ምውዓሎም ኣብ መጨረሻ ናይ ቅብጸተ ተስፋ ከምዝበጽሑ ኣረጋጊጾምልና ኣለዉ። በዚ ኣጋጣሚ ድማ፡ ንኹሎም ኣባላት ኣዋሃሃዲ ሽማግለ ሃገራዊ በዓላትን ሓይሊ ዕምማቶምን፡ ኣብ ምሕላው ጸጥታ ንዝተሳተፉ መንእሰያትን ውፉያትን ናይ ልብና ልዑል ምስጋና ይብጽሓዮም።***



*ብፍሉይ ዝመሰጡኒ ድማ፡ እቶም ሃገራዊ ውራዮም ከማዕርጉን፡ ጸጥታ ህዝቦምን ሃገሮምን ንምውሓስ ክእለቶም ከካፍሉን ካብ ሃገረ ጀርመን ተወዳዲቦም ዝመጹ መንእሰያት **ERI BLOOD** ልዑል ምስጋና ከቕርበሎም ክብረት ይስመዓኒ። ከመይሲ፡ እታ ኤርትራዊ ደም እትብል ቃል ንባዕላ፥ ነቲ ኣብ ዝኾነ ክፋል ዓለም ዘይርከብ ኤርትራዊ **ውዳቤ፡ ውፍይነትን ጽንዓትን** ብሓጺር ስለእተንጸባርቕ።*



*ፈስቲቫል ኤርትራውያን ኣብ ስካንዲናቪያ ስቶኮልም እምበኣር፥ ካብ ኵሎም እቶም ኣስተምህሮ ዘበርከቱ ምሁራትን ክኢላታትን፡ ምዑዝ ደርፍታትን ሙዚቃን ዘቕረቡ ወናማት ስነጥበበኛታትን፡ ማእለያ ዘይብሉ ትምህርቲ፡ ንቕሓት፡ ብስለት፡ ቅሳነት፡ ፍስሃ፡ ባህታን ብኤርትራውነትካ ናይ ምሕባን ምልኣተ ልብን ኣስኒቐም፤ ንባትሪ ሃገራውነትና ብዚግባእ ስለዝመልኡዎ፤ እንቛዕ ናትና ኰንኩም ካብ ምባል ሓሊፍካ ንኣበርክቶኦም ዚበቅዕ ናይ ምስጋና ቃላት ክትረኽበሎም ዘጸግም'ዩ።*

*ከም መዛዘሚ ድማ፡ እቲ ብመንገዲ ናይቶም ሂወቶም ንሃገርን ህዝብን ዘወፈዩ ስዉኣትና ዘመሓላለፉዎ ሕድሪ ዚትግበር ዘሎ፥ ኣብ ካልእ ሃገራት ኪትግበር ግን ፈጺምካ ዘይሕሰብ፥ **ኤርትራዊ ውዳቤ፡ ውፋይነትን ጽንዓትን** ንዘልኣለም ይንበር!!*

*ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና !* *ሃገርና ክብረትና !*

*ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!* *መትከል ኣስመሮም ሸወደን።*